ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርሀ፡ ኣሳትፍ፡ ኣስምር

ወተርሉ፡ በልጁም
1 መስከረም 2023

**መልእኽቲ ባሕቲ መስከረም 2023**
ኣምባሳደር ዓንደብርሃን ወልደጊዮርጊስ

ሎሚ ባሕቲ መስከረም 2023፡ መበል 62 ዝክረ-ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓበን እንዝክረሉ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኢዩ። ባሕቲ መስከረም 1961 ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ዓይነታዊ መቐይሮ ኣበሲራ፡ ባና ናጽነት ወሊዓ። ዚሓለፈ ግንቦት 32 ዓመቱ፡ ብረታዊ ቃልሲና ብፍጹም ወተሃደራዊ ዓወት ተዛዚሙ። ፍጹም ዓወት ብረታዊ ቃልስና ልዑላዊ ናጽነት ኤርትራ ኣምጺኡ። ልዑላዊ ናጽነት ሃገር ግን፡ ልዑላዊ ስልጣን ህዝቢ ኣየስዓበን። ህዝብና ዛጊት ዕላማታት ናይቲ ዓቢ መስዋእቲ ዚኸፈለሉ ዓወት ብረታዊ ቃልሲ ኪጭብጥ፣ ብግዝኣተ ሕጊ ኪመሓደር፣ ሓርነት፡ ፍትሒ፡ ድሕነት፡ ራህዋ ኪጐናጸፍ ጌና ሃንቀው ይብል ኣሎ።

ኣብዘን ዚሓለፋ 32 ዓመታት ናጽነት፡ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ንቕድሚት እትምርሽ ንድሕሪት ኪትጐተት ጸኒሓ። ርግጽ፡ ኣብዘን ዳሕረዎት 20 ዓመታት ብፍላይ፡ መንግስቲ ኤርትራ ግዳማዊ ተጻብኦን ዘይፍትሓዊ እገዳ ኣጽዋርን ተጻዊሩ ሃገር ካብ ጐበጣን ሓደጋ ወራርን ምድሓኑ ዓቢ ዓወት ኢዩ። ጐድኒ ንጐድኑ፡ ግዝኣተ ሕጊ ዘኽብር፡ ዘቤታዊ ወፍሪ ዘተባብዕን ግዳማዊ ቀጥታዊ ወፍሪ ዚስሕብን ሕጋዊ መቓን ዚሓቑፈ ቅኑዕ ቍጠባዊ ሜላ ብምስልሳል ማሕበረ-ቍጠባዊ ምዕባለ ከምጽእ ዓቢ ተኽእሎ ነይሩዎ። ልምዓት ድማ፡ ብመንጽር’ቲ ናይ ኩፖን ቍጠባ፡ መነባብሮ ህዝቢ ዘመሓይሽ ቀረብ እኽለ-ማይ፡ ትምህርቲ፡ ሓለዋ ጥዕና፡ ጸዓትን መብራህትን፡ መጐዓዝያን መራኸቢታትን ከዋድድ ምኽኣለ ነይሩ። ህንጸትን ጽገናን ኣባይቲ ንኣስታት 20 ዓመታት እንተ ዘይክልከል’ውን፡ ኣዋጣሪ ሕጽረት መንበሪ ኣባይቲ ኣይመጋጠመን።

ኣምሳይኡ፡ ግዝኣተ ሰብ ነጊሱ፣ ዘቤታዊ ጭቈናን መድቈስትን ሳዕሪሩ፣ ብሒም ዚበለ ይተሓጐም ኰይኑ። ኣብ ክንዲ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብያተ ማእሰርቲ በዚሑ። ኩሉ’ቲ ድሕሪ ናጽነት ዚተሰደ ይኹን ኣብ ወጻኢ ኪነብር ዚተገደደ ኤርትራዊ ግዳይ ፖለቲካውን ቍጠባውን ኣደራዕ ናይቲ ስርዓት ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኰነን። መንእሰያት ብፍላይ፡ ብጠንቂ ገደብ-ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ብኩራት ግቡእ ትምህርቲ፣ ስእነት ኣፍራዪ ሸቕለት፣ ኣብ ሃገሮም ተኽእሎ ርሁው መጻኢ ኰነ ንቡር ህይወት ስለ ዚተዓጽዎም፣ ብምሒር ተስፋ ምቕራጽ፡ ብጃምላ ናብ ስደት ኪውሕዙ ተደፊኦም።

ኣብ ስደት፡ መብዛሕትኡ ኤርትራዊ ዳያስፖራ፡ ነቲ ቀንዲ ጠንቂ መስደዲኡ ዘንጊዑ፡ ግዳይ መቓቓሊ ሜላታት ናይቲ ስርዓትን ጐጃጃሊ ሽርሕታት ናይ ባዕዳውያን ተጻባእትን ብምዃን፣ ገሊኡ ከም ደጋፊ፡ ገሊኡ ከም ተቓዋሚ፡ ገሊኡ ከም ልኡም ተዓዛቢ ተበታቲኑ፣ ኣብ ሓድሕዳዊ ምትፍናንን ቍርቍስን ተጸሚዱ። እቲ ደጋፊ፡ ምንቍልቋል ሃገሩን ሕሰም ህዝቡን እናረኣየ ከም ዘይረኣየ፡ ናብ ዕዉር ቲፎዞ ውልቀመላኺ ተቐይሩ። ገለ ካብቲ ተቓዋሚ እየ በሃላይ ንገዛእ ርእሱ፡ መኣዝኑ ስሒቱ፡ ጒዳይ ሃገሩ ዘንጊዑ፡ ምስ ባዕዳዊ ተጻብኦ ወጊኑ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ቅሉዕ መጋበርያ ናይቶም ንኤርትራዊ መንነት ንምብራዝን ልዑላውነት ንምቕልባስን ዚሰርሑ ግዳማዊ ሓይልታት ብምዃን፡ ባንዴራ ፈደረሽን እናኣንበልበለ፡ ኣብ ዕላማ-ኣልቦ ጐነጽን ተራጽሞን ተዋፊሩ። ገሊኡ ካብ መሳርዕ ተቓውሞ ኣልጊሉ ናብቲ ስርዓት ገጹ ዘንቢሉ።

ከምቲ ኣብ ዚተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብተደጋጋሚ ዝገልጾ፡ ዕላማ ቅኑዕ ሃገራዊ ተቓውሞ፡ ኣብ ውሽጢ ኰነ ኣብ ወጻኢ፣ ኣብ ክንድ’ቲ ኣብዘን ዚሓለፋ 32 ዓመታት ንሃገር ንድሕሪት ዚጐተት ሜላታትን ተግባራትን ናይቲ መንግስቲ፣ ኣብ ግዝኣተ ሕጊ ዚምርኰሰ፣ መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ህዝቢ ዘኽብር፣ ሰብኣዊ ርእሰማል ብዘመናዊ ስነፍልጠት፡ ስነኪነትን ግብራዊ ክእለትን ዚሃንጽ፣ መንግስታዊ ፋይናንስ፡ ሃገራዊ ሃብትን ባህርያዊ ጸጋታትን ብተሓታትነትን ግሉጽነትን ዘመሓድር፣ ማሕበረ-ቍጠባዊ ልምዓት ዘሰስን፣ መነባብሮ ህዝቢ ዘመሓይሽ፣ ሓርነት፡ ፍትሕን ራህዋን ዘስፍን፣ ቅዋማዊ

ምሕደራ ምድራኽ ኢዩ። ኣብዚ፡ እቲ ኵሉ ሃገራውን ሓርበኛውን ኤርትራዊ ኪርዕሞ ዘግባእ ቃልሲ ንቅዋማዊ ምሕደራ፡ ኣብ ንጹር ሓባራዊ መትከላት፡ ራእይን ፕሮግራምን ዚተመስረተ፡ ድልዱል ውዳበን ሓያል ጥርናፈን ዚጠልብ ዕቱብ ፖለቲካዊ ስራሕ ምዃኑ ከስምረሉ እፈቱ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ እቲ ኣብዘን ዚሓለፉ ቅንያት፡ ኣብ ከተማታት ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ኣብ ልዕሊ ተሳተፍቲ ፈስቲቫላት ኤርትራ ኪፍጸም ዚጸንሐ ውጡን መጥቃዕቲ፡ ነቲ መሰል ሰላማዊ ምትእኽኻብ ዘፍቅድ ሕጊ ናይተን ዚምልከተን ሃገራት ዚግህስ ኣሸባሪ ተግባር ምዃኑ ከየስመርኩሉ ክሓልፍ ኣይደልን። ብዛዕባ'ቲ ዚተፈጸመ ጐነጻዊ መጥቃዕትታት ግቡእ ምርምር ተኻይዱ፡ እቶም ነቲ ኣሸባሪ ጐነጽ ዚመወሉ፡ ዚወጠኑ፡ ዘጕሳጕሱ፡ ዚደገፉ፡ ዘሳለጡ ኰነ ዚፈጸሙ ሰባት፡ ብመሰረት ሕጊ ናይተን እቲ መጥቃዕቲ ዚተፈጸመለን ሃገራት ኪሕተቱ፡ በብመጠን ክብደት ተግባራቶም፡ ሓላፍነት ናይቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሰላማዊ ተሳታፊ ዚተፈጸመ ጕድኣትን ዕንወትን ኪስከሙ ይግባእ።

እቲ ኣብኡ ዚሳተፍ ኤርትራዊ ደጋፊ ናይቲ ምልካዊ ስርዓት ጥራይ'ኳ እንተ ዘይኰነ፣ ፈስቲቫላት ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ፡ ንፕሮፓጋንዳዊ ዕላማ ናይቲ ምልካዊ ስርዓት ዘገልግል ምዃኑ ኣየማትእን። እቲ ጽንብላት ብኣሳሰይቲ ናይቲ ዓመጸኛ ስርዓት ኪውደብ፡ መጋበርያ ፕሮፓጋንዳዊ ዕላምኡ ኪኸውን ድማ፡ ብውሑዱ ብከፊል፡ ምልክት ድኻም ናይቲ ኣብ ክቢ ሓድሕዳዊ ቍርቍስ ዕንክሊል ዚብል ዲያስፖራዊ ተቓውሞ ምዃኑ ኣይስሓትን። ይኹን'ምበር፡ ነቲ ካብታ ዘፍቅራ ሃገሩ ርሒቑ፡ ካብ ዘፍቅሮም ወለዱ፡ ቤተሰቡን መተዓብይቱን ተፈልዩ ብናፍቖት፡ ጽምዋን ተነጽሎን ዚሳቐ ዓቢ ክፋል ህዝብና፡ ነንሓድሕዱ ዚራኸበሉ፣ እቶም ኣብ ንእስነቶም ዚተሰደዱ ኰነ ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዚዓብዩ መንእሰያት ተራኺቦም ዚላለዩሉ፣ ውልቃዊ ምሕዝነትን ማሕበራዊ ዝምድናታት ዚፈጥሩሉ ባህላዊ መዘናግዒታት ዘዋድድ ኣገዳሲ መድረኽ ኢዩ። ክንዲ ዚኾነ፡ ኵሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ፡ ንኹሉ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ኤርትራዊ ዚፍጸም ጐነጻዊ ተግባራት ብትሪ ኪቃወም ይግባእ። ነቲ ግጉይ ናብ ቀጽሪ ሃገራውነት ንምምላስ፣ ነቲ ቅኑዕ ብምትብባዕ፣ ንኹሉ ፕሮ-ደሞክራስያዊ ኤርትራዊ ናብ መሳርዕ ኣድማዒ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ንምስላፍ ኪቃለስ ይግባእ።

ብዚተረፈ፡ ጐነጻዊ መጥቃዕቲ ኰነ ሓድሕዳዊ ተራጽሞ ኣብ ዲያስፖራ ነቲ ኣብ ሃገርና ብኤርትራዊ ተግባራዊ ዓቕሚ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ብምእላይ ቅዋማዊ ምሕደራን ደሞክራስያዊ መንግስትን ንምትካል ዚካየድ ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዚሃሲ'ምበር ዚሕግዝ ኣይኰነን። ግደ ሓቂ፡ ብባዕዳዊ ሓይሊ ዚዝወር፣ ዘይኤርትራውያን ብብዝሒ ዚሳተፉዎ፣ ንምስሊ ተቓውሞ ዘነውር፣ ንሓድነት ኤርትራውያን ዚዘርግ፣ ንዕላማ ባዕዳዊ ተጻብኦ ዘገልግል፣ ፋሉላዊ ዓመጽ ኢዩ። ኤርትራዊ ሃገራውነትን ልዑላውነትን ዘማእከለ ተቓውሞ ነቲ ዓመጸኛ ስርዓት፡ ዜግነታዊ ግቡእን ኣብ ብሕታዊ ሕልናን ማሕበራዊ ንቕሓትን ዚምርኰስ ውልቃዊ ውሳኔን ኢዩ።

ከምቲ ኣብ ዚተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብተደጋጋሚ ዝገለጽ፡ ኤርትራ ንኹሉ ኤርትራዊ ማዕረ ትብጽሖ። ቅዋማዊ ምሕደራ ኣብ ዚትከለሉ ድማ፡ ኵሉ ኤርትራዊ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ብማዕርነት ኪነብረላ ዚኽእል ናይ ሓባር ዓደቦ ወይ ዓደና ኢያ። እቶም ከም ባሕቲ መስከረም፡ መዓልቲ ናጽነት፡ መዓልቲ ሰማእታት፡ ልደት፡ ፋሲካ፡ ዒድ መውሊድ፡ ዒድ ኣል ፈጥር፡ ዒድ ኣል ኣድሓ፡ ወዘተ.፡ ዚኣመሰሉ ክቡራት በዓላት ህዝብና ንኹሉ ኤርትራዊ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡ ፖለቲካዊ መርገጺኡ ይኹን ምትእስሳሩ ብዘየገድስ፡ ብማዕረ ዚብጽሑ፡ ብሓባራዊ ምትእኽኻብን ስኒትን ኪጽንበሉ ዚግብኦም፡ ጸጋታትን ሕላገት ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘመልክቱ ዓበይቲ ህዝባዊ በዓላት ኢዮም።

ምእላይ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ብኤርትራዊ ሓይሊ ድሕነት ሃገርን ህዝብን ዘረጋግጽ፡ ንዓቢ ኣብዝሓ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዘርብሕ ምዕባለ ስለ ዚኾነ፣ ቀንዲ ፖለቲካዊ ስራሕ ፕሮ-ደሞክራስያዊ ተቓውሞ ተግባራዊ ዓቕሚ

ህዝቢ ኤርትራ ምሕያል ኪኽውን ይግባእ። ገለ ካብቶም ነቲ ህሉው ኣሰቃቒ ሕሰም ህዝቢ እናፈለጡ፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ዚድግፉ፣ ድሕሪ ናይ 32 ዓመታት ናጽነት ንምጽወታ ረድኤት ስርናይ ዘመጉሱ፣ ነቲ ዘቤታዊ ሕግን ፍትሕን እናረገጸ ብዛዕባ ኣህጉራዊ ሕግን ፍትሕን ዚወራዘ ምስሉይ መደረታት ውልቀመላኺ ዚንእዱ ቲፎዞታት ክትዕዘብ ኣዝዩ ዘሕፍር ተርእዮ ኢዩ። ብርግጽ፡ ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ ሰብ፡ ኣብ ዓለም ድማ ግዝእተ ሓይሊ ሰፊኑ ከም ዘሎ ዘካትዕ ኣይኰነን። ብዛዕባ ኣድላይነት ምኽባር ኣህጉራዊ ሕግን ፍትሕን ክትምድር ግን፡ ኣብ ገዛእ ሃገርካ ዘቤታዊ ሕግን ፍትሕን ከተኽብር ይግባእ። ከምቲ ምስላ ዚብሎ፡ ሰናይ ተግባር ኣብ ገዛኻ ኢዩ ዚጅመር!

ሎሚ ባሕቲ መስከረም ብሓበን እንዝክረሉ ኣብ ዘለና ኣጋጣሚ፡ ሃንቀውታ ህዝብና ንግዝኣተ ሕጊ፡ ንቅዋማዊ ምሕደራ፡ ንሓርነት፡ ንፍትሒ፡ ንድሕነት፡ ንራህዋ ብዚተወሃሃደ ሃገራዊ ቃልሲ ክዉን ንምግባር ንቃለስ።

ዕድመ ንባሕቲ መስከረም፡ መበገሲት ንናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ!
ዘልኣለማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!
ፈጣሪ ንኤርትራን ህዝባን ይባርኽ!